# ኤርትራ! እታ ዘይተነበበት መጽሓፍ

## ተስፋዬ ገብረአብ

ከምዚ ከማይ ንኤርትራ ከምቲ ዝድለ ዘይፈልጣ ሰብ፡ ኣብ ኤርትራ፡ ናይ ምንባብ ባህሊ ከመይ ከም ዝመስል ዝምልከት ጽሑፍ ከዳልው ኣዝዩ ከም ዝኸብዶ ፍሉጥ'ዩ። እንተኾነ ግና፡ ብኣዝዩ ንእሽቶ ፍልጠት'ውን ይኹን ርእይቶይ ከቕርብ ክፍትን'የ።

"ኣብ ኤርትራ መጽሓፍ ምንባብ መኣስ ተጀሚሩ?" ዝብል ሕቶ እንተ ኣልዒልና መልሲ ንረኽበሉ ኣይመስለንን። ምናልባሽ ኣብ ቆሓይቶ ካብ ዝርከብ ሓወልትታት ክንጅምር ንግደድ ንኸውን። ተኾንዳዕ፡ ከስከሰ፡ መጠራ... ዝኣመሰላ ጥንታውያን ናይ ስልጣነ ከባቢታት፡ ኣብ ኣእማን ተወቒረን ዝተጻሕፉ ኮይኑ ግና ብዛዕባኣን ከምቲ ዝድለ ዘይተጻሕፈለንን ዘይተነበባን መጽሓፍቲ'የን። ኣብ ኣስመራ፡ ጐደና ከስከሰን ናይ ሓደ ሆተል ስምን ርእየ ኣለኹ። ከስከሰ ዘርእስታ መጽሓፍ ግና ክሳዕ ሕጂ ኣይረኣኹን። ከስከሰ ዝምስጥ ታሪኽ ኣለዋ። ኣብ ከባቢ ሰንዓፈ፡ ከስከሰ ትብሃል ሓንቲ ዝጠፍኣት ዓባይ ከተማ ነይራ። ኣሰር ሓወልትታት ክሳዕ ሕጂ ኣሎ። ኣብቲ ሓወልቲ ዝተወቕረ ጽሑፍ ከም ዝሕብሮ፡ ንጉስ ከስከሰ ወዲ ወዱ ንሳሊም "ወዓራን ህይወት" ይብሃል ነይሩ። እዚ ንጉስ'ዚ ኣብ ታሪኽ ብዙሕ ስለ ዘይፍለጥ፡ ታሪኽ ህይወቱ ብዝግባእ ክጽናዕ ኣለዎ። ካብዚ ጥንታዊ ታሪኽ'ዚ፡ ሓደ ገዚፍ ታሪኻዊ ልቢ ወለድ እንተ ትረኽቡ እንታይ ምተሰማዓኩም? ነዚ ንምርካብ ደረስቲ ተጊሆም ክጽሕፉ ኣለዎም። ደረስቲ ኣበርቲዖም ብምዕያይ፡ ኣንበብቲ ከፍርዩን ናይ ንባብ ባህሊ ክኹስኵሱን ከቢድ ሓላፍነት ኣለዎም።

ኣብ ኣስመራ፡ ገጀረት ዝብሃል ገዛውቲ ኣሎ። ገጀረት ማለት እንታይ ማለት'ዩ? (መራኽብን ጀላቡን ዝነበራኦ ገደረት ዝብሃል ንጉስ ኣብ ኤርትራ ነይሩዶ ይኸውን?) ኣብ ኤርትራ ዝርከቡ ሓወልቲ ኣእማን ዳህሳስ ብምክያድ ሓበሬታ ክርከብ ይከኣል'ዩ። ሓደ ሰብ "መበቆል ዓድኻ ኣበይ'ዩ?" ተባሂሉ እንተ ተሓቲቱ፡ "ማዕረባ" ኢሉ ክምልስ ይኽእል'ዩ። ማዕረባ እንታይ ማለት'ዩ? ስለምንታይ ማዕረባ ተባሂሉ? (መእሪብ፡ ናይቶም ኣብቲ ከባቢ ዝነበሩ ጥንታውያን ተቐማጦ ከተማ ነይራዶ ትኸውን?) ነዚ ንምርግጋጽ፡ ኣእማን መጽሓፍቲ ምድህሳስ ከድሊ'ዩ። ምጽዋዕ፡ ካልኣይ ስማ ባጽዕ'ዩ። እዛ ወደባዊት ከተማ ስለምንታይ ክልተ ኣስማት ተዋሂብዋ? ሩባ መረብ ስለምንታይ መረብ ተባሂሉ? ናይ ኩሉ ኣከባቢ ስም፡ እንተ ብቐጥታ እንተ ብተዘዋዋሪ መበገሲ ታሪኽ ስለ ዘለዎ ምስዚ ወለዶ'ዚ ምትእስሳር ኣለዎ። ኤርትራ፡ ብጥንታዊ ቅርስታት ዝተኸበት ሃገር ምኳና ንምፍላጥ ብዙሕ መጽናዕቲ ምግባር ዘድሊ ኣይኮነን። እንተኾነ ግና፡ መጻኢ ወለዶ ብዝርዝር ከይፈልጠም እኹላት መጽሓፍቲ ኣይተዳለውሉን። ብዘይካ'ዚ፡ ሓላፍነት ተሰሚዕዎም ንመጻኢ ወለዶ ታሪኽ ክሰንዱ ዝኽእሉ ጸሓፍቲ ኣብ ኤርትራ ዘለው ኣይመስልን። እቲ ምኽንያት ብዝግባእ ክጽናዕ ኣለዎ።

ከምቲ ጥንታዊት ኤርትራ ገና ዘይተጻሕፈት፡ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ጣልያን ዝነበረት ኤርትራ'ውን ገና ኣይተተንከፈትን። ብርግጽ "ኣሕተምቲ ሕድሪ" ዘሕተመን "መኸተ! ኣንጻር ኢጣልያዊ መግዛእቲ ኣብ ኤርትራ" ከምኡ'ውን "ኢጣሊያዊ መግዛእቲ ኣብ ኤርትራ" ዘርእስተን መጽሓፍቲ፡ ኤርትራውያን ኣንጻር መግዛእቲ ጣልያን ዘካየድዎ ቃልሲ ብኸፊል ክድህስሳ ክኢለን'የን። ከምኡ'ውን እተን ብተኸስተ

ነጋሽ ዝተጻሕፉ መጽሓፍቲ ብዙሕ ጉድለታት'ኳ እንተ ኣለወን፡ ኤርትራ ኣብ እዋን መግዛእቲ ጣልያን ከመይ ትመስል ከም ዝነበረት ግና ከብርሃ ይኽእላ'የን። ብዛዕባ'ቶም ኣንጻር መግዛእቲ ጣልያን ዝተቃለሱ ኤርትራውያን ሓርበኛታት ግና ብዝርዝር ኣይተጻሕፈን ዘሎ። ጣልያን ኣብ ዓድዋ ክሳዓር ዝኸኣለ፡ ሓደ ኤርትራዊ ንሃጸይ ሚኒልክ ብዝሃቦ ስለያዊ ሓበሬታ'ዩ። ብዛዕባ'ዚ እውን ከምቲ ዝድለ ኣይተተረኽን። ፋሺስት ጣልያን ኣብ 1935 ንኣዲስ ኣበባ ምስ ተቆጻጸረ፡ ነቲ ስለያዊ ሓበሬታ ዝሃበ ኤርትራዊ፡ ንደቁን ደቂ ደቁን ብምርሻንን ንብረቶም ብምርሳይን ሕነኡ ፈድዮ'ዩ። ብሓጺሩ፡ ኤርትራ ገና ዘይተነበበት ዓባይ መጽሓፍ'ያ! ካብዚ ብዘይፍለ፡ ሓደ ካልእ ዓቢ ሕቶ ክልዓል ናይ ግድን'ዩ።

ኤርትራውያን ኣንበብቲ ድዮም?

ቀልጢፍካ መልሲ ክትህበሉ ምሒር ኣጸጋሚ'ዩ። ምናልባሽ፡ "ኣይኮኑን" ወይ ድማ "እዮም" ክብሃል ይከኣል ይኸውን። ካብ ክልቲኡ ሓዲኡ እንተ ኾይኑ እቲ መልሲ፡ መልሲ ክኸውን ኣይክእልን'ዩ። ብዝሒ ህዝቢ ኤርትራ ክሳዕ ሕጂ ብመንግስቲ'ኳ እንተ ዘይተገልጸ፡ ልዕሊ ኣርባዕተ ሚልዮን ምዃኑ ግና ይግመት። መርበብ ሓበሬታ ሲኣኤይ፡ 5.7 ሚልዮን ይበጽሕ ኢሉ ኣስፊሩዎ'ሎ። ካብዚ ኣሃዝ'ዚ፡ እቲ ክጽሕፍን ከንብብን ዝኽእል ልዕሊ 70% ምዃኑ ይእመን። ኮይኑ ግና፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ኤርትራ እታ ብልጽቲ እትብሃል መጽሓፍ ልዕሊ ዕስራ ሺሕ ቅዳሕ ክትሸየጥ ኣይከኣለትን።

ኣብ ኤርትራ፡ ዋጋ መጽሓፍቲ ክቡር ስለ ዝኾነ ልዕሊ ዓቕሚ ምግዛእ ናይ ኣንበብቲ'ዩ። ኮይኑ ግና ነዚ ከም ምኽንያት ከይትቕበሎ ዝሕብሩ ነጥብታት ኣለው። ክብሪ ዋጋታት ኣብ መጽሓፍቲ ጥራይ ኣይኮነን። ዋጋ ሓደ መጽሓፍ ምስ ቢራ ምስ ዝነጻጸር፡ ናይ ድሌት ጉዳይ ደኣ'ምበር ክቡር ከም ዘይኮነ ክትግንዘቦ ይከኣል። 32 ዝገጻ መጽሔት "ህዝብን ፖሊስን"፡ ዋጋኣ ዓሰርተ ናቕፋ'ዩ። ኣብ ክልተ መዓልቲ ድማ ዕስራ ሺሕ ቅዳሕ ተሸይጡ ይውዳእ። ኣብ ሓምሳታት ትሕተም ዝነበረት ሰሙናዊት ጋዜጣ "ዘመን"፡ ህዝቢ ፖለቲካዊ ኣፍልጦኡ ኣብ ምዕባይ ትሕግዞ ስለ ዝነበረት ብርክት ዝበሉ ዓማዊል ነይሮማ። ናይ ዶክተር ክብረኣብ ፍረን መስፍን ገብረህይወትን መጽሓፍቲ፡ ኣብ ዕዳጋ ሃሰው ኢልካ ክትረኽቦም ኣይትኽእል ኢኻ። (ሓቂ'ዩ፡ ቅዲ ኣጸሓሕፋኦም ከም ናይ ስድኒ ሼልደን ነቲ ናይ ንባብ ልምዲ ዘይብሉ ክፋል ሕብረተሰብ ዝምስጡ'ዮም። እዚ ቅዲ፡ ናይ ንባብ ባህሊ ስለ ዘስርጽ ኣመና ሓጋዚ'ዩ።) ብተመሳሳሊ ቅድሚ ኵናት ኢትዮ-ኤርትራ ምውላዑ፡ "ቆንጆዎቹ" (ቀጥታዊ ትርጉሙ - እቶም ጽቡቃት) ዘርእስታ ልቢ-ወለድ ኣምሓርኛ፡ ኣብ ኣስመራ ጥራይ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልቲ ልዕሊ 5000 ቅዳሕ ተሸይጣ ከም እተወደአት እፈልጥ። ብኣለምሰገድ ተስፋይ እተጻሕፈት "ኣይንፈላለ" ዘርእስታ ናይ ታሪኽ መጽሓፍ፡ ዕስራ ሺሕ ቅዳሕ ተሸይጣ ተወዲኣ። ሳልሳይ ሕታም ኣብ ምውጻእ ከም እትርከብ'ውን ሰሚዐ። ብኤርምያስ ሰለሞን ዝብሃል ዘይቕዱድ ጋዜጠኛ (Freelancer) እተጻሕፈት "እሰይ" ዘርእስታ ናይ ቈልዑ መጽሓፍ፡ ኣብ ውሽጢ ሒደት መዓልታት ካብ ዕዳጋ ከም እተሰወረት ሓበሬታ ኣሎኒ። "ባህላዊ ጉዳያት" ዘሕተማ 12 ሓጸርቲ ዛንታታት ዝሓዘት መጽሓፍ፡ ልዕሊ ዓሰርተ ሺሕ ቅዳሕ ተሸይጡ ከም እተወደአ'ውን ሓበሬታ ኣሎኒ። ብኣንጻሩ፡ ሰለስተ ሺሕ ቅዳሕ ኣብ ውሽጢ ሓምሽተ ዓመት ሸይጦም ክውድእዎ ዘይከኣሉ ብብዝሒ ኣለው። እዚ ነቶም ብትግርኛን ዓረብኛን ዘንብቡ ንጠቅስ ስለ ዘለና'ዩ። ብኻልኦት ቋንቋታት ኤርትራ ዝተጻሕፉ መጽሓፍቲ ክሕተሙ ዝጀመሩ ድሕሪ 1991'ዩ። ንሱኸ ከመይ ይመስል? ምርኣዩ ኣገዳሲ'ዩ?

ሓደ ቋንቋ፡ ማዕርነቱ ተሓልዩሉ ከም ዝሰፍሕን ዝዓብን ክትገብር ግዜ ዝወስድ ነዊሕ መስርሕ'ዩ። ዕድመ ሓደ ወለዶ'ውን ክወስድ ይኽእል'ዩ። ሓደ መዝገበ-ቃላት

ንምስንዳእ ነዊሕ ዓመታት ዝወስድ እንተ ኾይኑ፣ ንሓንቲ ሓዳስ ሃገር'ውን ኣብታ ሃገር ብዛዕባ ዝፈርዩ ናይ ስነ-ጽሑፍ ስራሓት ንምግምጋም ዕስራ ዓመት እምብዛ ሓጺር ግዜ ክኸውን ይኽእል'ዩ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ናይ ፍልጠት ጽምኢ ከም ዘለዎ ይፍለጥ። ጽምኡ ዘርውየሉ መጽሓፍቲ ግና የድልዮ'ዩ። ጸሓፍቲ፡ ህዝቢ እንታይ ዓይነት መጽሓፍ ክንብብ ይደሊ ጥራይ እናበሉ ክጽሕፉ ኣለዎም ኣይኮንኩን ዝብል ዘለኹ። ኣንበብቲ እንታይ ከንብቡ ይደልዩ እናበልካ ኩሉ ግዜ ክትጽሕፍ ተመራጺ ኣይኮነን። ጸሓፍቲ፡ ኣመቲ ወይ ድማ ሓበርቲ ክኾኑ ይግባእ። መጽሓፍ ዝለዓለ ምንጪ ንቕሓት ስለዝኾነ ዝበለጸ ብልጫ ኣለዎ። መብዛሕትኡ ተለቪዥን ስለ ዝከታተል፡ ኣብ ተለቪዥን ዝግበሩ ምውዕዋዓት ምስ ምዝርጋሕ መጽሓፍቲ ናይ ቀረባ ርክብ ክህልዎ ሓጋዚ'ዩ። ነዚ ንምርግጋጽ ብርግጽ ሓደ ንእሽቶ መጽናዕቲ ምግባር ከድልዮ'ዩ።

ሆላንዳውያን፡ ብምንባብ ካብ ዝፍለጡ ህዝብታት ሓደ'ዮም። ኣብ ሆላንድ፡ ዓመታዊ ልዕሊ 34 ሽሕ ሓደስቲ መጽሓፍቲ ይሕተሙ። ግብጺ ብገምጋም ልዕሊ 2000 ሓደስቲ መጽሓፍቲ ከተሕትም ከላ፡ እታ 4.9 ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ ነርወይ ድማ ን800 ሰብ ሓደ ላይብረሪ ሃኒጻ ትርከብ። ኣብ ኤርትራ፡ ቤተ-መጻሓፍቲ ዳርጋ የለን ክብሃል ይከኣል። ብዝኾነ ናይ ንባብ ባህሊን ሕትመት መጽሓፍትን ንምንጽጻር ክሳዕ ሆላንድን ግብጽን ምኻድ ኣየድልን'ዩ። ኢትዮጵያ ኣብ ዝሓሸ ኵነታት ትርከብ። ኣብታ ሃገር፡ ብገምጋም ዓመታዊ 240 ሓደስቲ መጽሓፍቲ ይሕተሙ። ኣብ ኤርትራ ድማ 106 ሓደስቲ መጽሓፍቲ ከም ዝሕተሙ መጽናዕትታት ይሕብሩ።

ብዘለኒ ሓፈሻዊ ገምጋም፡ ኣብ ኤርትራ ካብ ምንባብ መጽሓፍ ንላዕሊ፡ ሰብ ዝያዳ ናብ ደርፊ ምስማዕ ዘድህብ ይመስለኒ። ንሓደ መንእሰይ ጸዊዕኩም፡ "እስቲፋኖስ ገብረሚካኤል መን'ዩ?" ኢልኩም እንተ ትሓትዎ፡ ክምልሰልኩም ግዜ ምወሰደሉ። "ቆርጫጭ መን'ዩ?" እንተ ትብልዎ ግና፡ እናደረፈ ምተወዛወዘልኩም። ንቆርጫጭ ወይ ድማ ጣኒቆ ምፍላጥ ሓጥያት ኣይኮነን። "ሮዛን ሰሌን" ዘርእስታ ክልተ ክፋላት ልቢ-ወለድ ንዝደረሰ ደራሲ ዘይምፍላጥ ግና ናይ ሚዛን ጸገም ከም ዘሎ ዝሕብር'ዩ።

ናብ ቆሓይቶ ከይደ ሓንቲ ተደቢና ዘይተፋሕረት ከተማ ከም ዘላ ክርዳእ ክኢለ። እዛ ተቀቢራ ዘላ ከተማ ምስ ተፋሕረት ኣብ ከርሳ እንታይ ክርከብ ከም ዝከኣል ኣቀዲምካ ክትግምቶ ኣይከኣልን'ዩ። ምናልባሽ ካብቲ ዝርከብ ጥንታዊ ቅርስታት ንላዕሊ ናይ ታሪኽ ጭብጥታት ይርከቡ ይኾኑ። ካብዚ ድማ ግዝፍ ዝበሉ መጽሓፍቲ ክንረክብ ንኽእል ንኸውን። ቆሓይቶ ኣብ ዝበጻሕኩሉ እዋን፡ እቲ ምሳይ ዝተጓዕዘ ክኢላ ስነ-ጥንቲ (ኣርኪኦሎጂስት)፡ ነቲ ባይታ ብእግሩ እናዶግዶገ ከም ከበሮ ዝሃምም ድምጺ ኣስሚዑኒ። እቲ ድምጺ፡ ኣብቲ ትሕተ ባይታ ዝተደፍነ ኣባይቲ ከም ዘሎ ዝሕብር ምልክት'ዩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ንኸተማ ቆሓይቶ ዝደኮኑ ጥንታውያን ሰባት፡ ትኽ ዝበለ መስመር ክስእሉ ክኢሎም ነይሮም'ዮም። ኣብቲ እዋን'ቲ ዝነበረ ጥበብ ብዝፈቀደሎም መሰረት ድማ፡ ታሪኽ ጽሒፎም ክሓልፉ ፈቲኖም'ዮም። ሓቂ'ዩ፡ ዘልኣለም ተካ፡ ፒተርን ማቲው ኩርቲስን ተሓባቢሮም ንጥንታዊት ኤርትራ ዝዳህሰሰ ኣርኪዮሎጂያዊ ስራሕ ሰሪሖም'ዮም። እታ መጽሓፍ ግና ኣብ ኢድ ኤርትራውያን ኣንበብቲ ኣይበጽሐትን። ከም እተሓትመት'ኳ እንተ ተሰምዐ፡ ዝበዝሐ ኣንባቢ ግና ንሓንቲ መጽሓፍ 50 ዶላር ኣመሪካ ሂቡ ክገዝእ ዓቕሚ የብሉን። ብሰሪ ጽባቀ ቋንቋኡ፡ ኣቃራርባኡን ዋጋኡን ኣብ ኢድ ዝበዝሐ ኣንባቢ ክበጽሕ ዘይከኣለ መጽሓፍ፡ ንግዜኡ'ውን እንተኾነ ከም ዘባኸነ'ዩ ዝቑጸር። መጻኢ ወለዶ ክጥቀመሉ ይኽእል'ዩ ኢልካ ግና ተስፋ ትገብር።

"ኤርትራውያን፡ ብባሕርን ታሪኽን ዝተኸበ'ዮም። ኮይኑ ግና ንኽልቲኡ ገና ኣይተጠቀምሉን!" ዝብል ጽሑፍ ከም ዘንበብኩ ትዝ ይብለኒ። ከምቲ ዓሳታት ቀይሕ ባሕሪ ብሓርነት ዝነብሩ ዘለው፡ ከምኡ ድማ ታሪኽ ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ኣገልግል ተዓጽዩ ይርከብ። ታሪኽ ንምስናድ፡ መሬት ምዅዓት፡ ከምኡ'ውን ዳህሳስን ኮለላን ምግባር የድሊ። እቲ ምንታይ፡ ናብቲ ኮፍ ኢልካሉ ዘለኻ ኵርሲ ዝመጽእ ታሪኽ የለን። ሕሉፍ ታሪኽ፡ ከም ምፍሓር ወርቂ ብከቢድ ዕዮ ዝርከብ ክቡርን ብርቅን ነገር'ዩ። መስዋእቲ'ውን ክሓትት ይኽእል'ዩ። ከምኡ ስለዝኾነ፡ ከቢድ ጻዕሪ ሓሊፍዎም ዝተሰርሑ ስራሓት ናቶም ኣንበብቲ ናይ ምፍጣር ዓቕሚ ኣለዎም።

ካብ ኣስመራ ብሸነኽ ሰሜናዊ ምብራቕ፡ ፍልፍል ሰለሙናን ፍሽይ ምራራን ዝብሃል ሕዙእ ከባቢ ኣሎ። ኣብቲ ከባቢ ዝወርድ ግመ ክሳብ ኣማዞን'ዩ ዝዝርጋሕ። ኣብ ወርሒ የካቲት ዕፍን ኣብ ዝብለሉ እዋን በቲ መገዲ ተጓዒዘ ነይረ። ከቢድ ግመ ወሪዱ ስለ ዝነበረ፡ ቀትሪ ምድሪ ነዊሕ መብራህቲ ኣብሪህና ለመም እናበልና ወሪድና። ሰዓት ምሉእ'ኳ እንተ ወሰደልና፡ መሬት ዕፍን ኢሉ ስለ ዝነበረ ግና ዋላ ሓንቲ ክንርእይ ኣይከኣልናን። ሕልፍ-ሕልፍ ኢልካ ግና፡ ነዊሕ ኣቕርንተን ዓጋዘን ካብቲ ዱር ናብ መገዲ እናወጻ ተመሊሰን ናብቲ ጫካ ይኣትዋ ነበራ።

ነቲ ምሳይ ዝነበረ ሰብ፣

"ፍሽይ ምራራ ማለት እንታይ ማለት'ዩ?" ኢለ ሓተትኩዎ።

እናሰሓቐ፣

"መጸውዒ ከባቢ!" ኢሉ መለሸለይ።

"ማለተይ ስለምንታይ ፍሽይ ምራራ ተባሂሉ?" ሕቶይ ኣናዋሕኩ።

"ኣነ ንባዕለይ ስለምንታይ ቴዎድሮስ ተባሂለ ኣይፈልጥን'የ፡" ኢሉ ተዋዘየ።

ሓቂ'ዩ፣ ኣብ ጥቃኡ ዝንበብ መጽሓፍቲ የለን።

"ምራራ" ተባሂሉ ዝፍለጥ ሓደ ቀቢላ ኣብቲ ውሽጢ'ቲ ዱር ሰፊሩ ከም ዝነበረ ንምፍላጥ ብርክት ዝበሉ መጽሓፍቲ ክትገናጸል ናይ ግድን'ዩ። ደቂ ደቀም ነዞም እንዳ ሕጂ ብህይወት ይህልውዶ ይኾኑ? ከምዚ ዓይነት ገለ ክፋል ሓበሬታት፡ ንደረስቲ ግሩም መበገሲ ሓሳባት'ዮም። ነዚ ከባቢ፡ ወተሃደራት ደርግ "ኮቦርታ ሻዕብያ" ይብልዎ ከም ዝነበሩ ጀነራላት ደርግ ካብ ዝጸሓፍዎ መጽሓፍ ኣንቢበዮ ኣለኹ። "ተጋደልቲ ሻዕብያ፡ ኣብቲ ውሽጢ'ቲ ግመ ተመሳሲሎም ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ የኽፍቱልና ነይሮም፡" ኢሎም ኣስፊሮሞ ይርከቡ።

ታሪኽ ንምፍላጥ፡ ምንባብን ምምርማሩን እምብዛ ዘሐጉስ ንጥፈት ይመስለኒ። ኣብ ኤርትራ፡ ብኣሽሓት ዝግመት ዘደንጹ ታሪኽ ኣብ ፈቀዶ ስንጭሮታት ተቀቢሩ'ሎ። ፍሒርካዮም'ውን ዝውድኡ ኣይኮኑን። ናብ ኅቦታት ናቕፋ ከይደ ነይረ። በኣሉ ግርማ ኣብታ "ኦሮማይ" ዘርእስታ መጽሓፉ ዝገለጾ ቦታታት ኩሉ ብእግረይ በጺሐዮ። በኣሉ ግርማ ነቢይ'ዩ ነይሩ። ጉዳይ ኤርትራ ከም ዘብቐዐ ዝተረደኦ፡ ሻዕብያ ገና ኣብ ታባታት ናቕፋ ዓሪዳ ከላ'ዩ። እዚ ደራሲ፡ ነቲ ዝኣመነሉ ብምጽሓፉ ክቡር ህይወቱ ከፊሉ። ኣብዚ ከቢድ ኵናትን ምትሕንናቕ ዝተኻየደሉ ዕርድታት ናቕፋ ክኸይድ ከለኹ፡ ጡጥ ዝመስል ጻዕዳ ዓጽሚ ወዲቑ ስለ ዝረኣኹ ኢደይ ሰዲደ ኣልዓልኩዎ። ዓጽሚ እግሪ ናይ ሓደ ሰብ'ዩ። "እዚ ብኢደይ ሒዘዮ ዘለኹ ዓጽሚ፡ ዘይተጻሕፈ ታሪኽ ኣፍሪቃውያን'ዩ፡" ድማ በልኩ ንብሕተይ። ሰብ ኣብ ዕርድታት ናቕፋ ክበጽሕ ዕድል እንተ ዘይረኸበ፡ ናይ ናቕፋ ስእላዊ ትረኻ ካብ መጽሓፍቲ ክረኽቦ ግና ምተገበአ። እናሳዕ፣

"ብዛዕባ ኤርትራ ዋላ ሓንቲ ኣይተጻሕፈን፡" እብል ስለ ዘለኹ ገሪምኩም ይህሉ።

ግደ ሓቂ ሒደት ዘይብሃል መጽሓፍቲ፡ ብብዓል ኣለምሰገድ ተስፋይ፡ Dan Connell፡ ሰለሞን ድራር፡ James Firebrace and Stuart Holland፡ ሩት ኢዮብ፡ ሚሼላ ሮንግ፡ ተኸስተ ፍቃዱ፡ በረኸት ሃብተስላሰ፡ ዘውዴ ረታ፡ Roy Pateman ዝኣመሰሉ ጸሓፍቲ ክጽሓፍ ተፈቲኑ'ዩ። ልዕሊ ሚእቲ መጽሓፍቲ'ውን ክንጠቕስ ንኽእል ኢና። "Journey from Nakfa to Nakfa" ከምኡ'ውን "ክልተ ቅነ ኣብ ድፋዓት" (Two weeks in the Trenches) ዝብላ ክልተ መጽሓፍቲ ካብተን ክንበባ ዘለወን'የን። "ልዕሊ ሚእቲ መጽሓፍቲ" ክንብል ከለና፡ ንኸም "Ciao Asmara" ዝኣመሰላ ትሕዝቶ ኣልቦ መጽሓፍቲ ሓዊስካ ማለተ'ዩ። እተን ክንበባ ኣለወን ዝብሃላ መጽሓፍቲ፡ መብዛሕትአን ኣብ ኢድ'ቲ ብዓል ታሪኽ ኣይበጽሓን። ካልእ እዋን ይበጽሓዶ ይኾና? "Even the Stones are Burning" (ቀጥታዊ ትርግሙ - ኣኻውሕ ከይተረፋ ተቃጺሎም) ዘርእስታ ብጋዜጠኛ Roy Pateman እተጻሕፈት መጽሓፍ፡ ካብታ ተሓቲማ ዝወጻኣትሉ ዕለት ንጽባሒቱ ብትግርኛ ተተርጒማ ክትዝርጋሕ ምተገበአ። ብዛዕባ'ዚ፡ ንሓደ ኣብ ትርፊ ግዜኡ ናይ ትርጉም ስራሕ ዝሰርሕ ፈታዊየይ ምስ ኣካፈልኩዎ፣

"መን ዘንብብ ኣሎ'ሞ?" ኢሉ ግዲ ከይገበረ መንኮቡ ሰብሲቡ መሊሱለይ።

ንትንሳኤ ስነ-ጽሑፍ፡ ናይ ትርጉም ስራሕ ዓቢ ክብርን ኣፍልጦን ክወሃቦ ይግባእ። ስራሕ ትርጉም፡ ካብቲ መበቆላዊ ስራሕ ንላዕሊ በሊጹ ክቐርብ ይኽእል'ዩ። ህዝቢ ብዝተፈላለየ ቋንቋታት እተጻሕፉ መጽሓፍቲ ከንብብ ስለ ዘይክእል፡ ተርጎምቲ ድልድል ኮይኖም የገልግሉዎ።

ህዝቢ ብሓፈሻ ናይ ንባብ ባህሊ ኣለዎ ኢልካ ክትግምት ኣይከኣልን'ዩ። "የኤርትራ ጉዳይ" (ጉዳይ ኤርትራ) ዘርእስታ ብዘውዴ ረታ እተጻሕፈት መጽሓፍ፡ ክሳዕ ሕጂ ብትግርኛ ዘይምትርጓማ ሓደ ግሉሕ ኣብነት ናይዚ ድኻም'ዩ። ታሪኽ ኤርትራ ንምፍላጥ፡ ብዘይካ ብኣለምሰገድ ተስፋይ እተጻሕፋ መጽሓፍቲ፡ እዛ ብዘውዴ ረታ እተጻሕፈት መጽሓፍ'ውን ገዚፍ ኣበርክቶ ዘለዋ ይመስለኒ። ኣንበብቲ እንተ ዓንቢቦም፡ ተርጎምቲ ይተባብዑ'ዮም። ደረስቲ'ውን ንፈጠራዊ ስራሕ ይተግሁ'ዮም። ክንደይ ሰባት ኢኹም "ወዲ ሓደራ" ዘርእስታ መጽሓፍ ዘንበብኩም? ብተኽለ ተስፋይ እተሰናድአ መዝገበ-ቃላት ትግርኛ ገዚእኩም ንመንእሰያት ህያብ ዝሃብኩም ክንደይ ትኾኑ? ንኣዝማድኩምን ፈተውትኹምን፡ ክዳንን ጫማን ጥራይ ዘይኮነ መጽሓፍ ገዚእኩም ሰዲድኩምሎምዶ ትፈልጡ?

ናብ ኤርትራ ኣብ ዝኸድኩሉ እዋን፡ ብርክት ዝበሉ ኣዕሩኽይ ኣብ ገዛኦም ዕድመ ገይሮምለይ ነይሮም። ሒደት ገዲፍካ፡ ዝበዝሑ ከብሒ መጽሓፍቲ የብሎምን። ከብሒ መጽሓፍቲ ኣብ ሳሎን ምግባር፡ ኣብ ኤርትራ ባህሊ ኣይኮነን። እዚ ክብል ከለኹ፡ ካብ ውልቃዊ ትዕዝብተይ ተበጊሰ ደኣ'ምበር፡ ብሓፈሻ ንኹሉ ማለተይ ኣይኮነን። ዝዓበየ ምልክት ስልጣነ ኮይኑ ዘሎ ግና፡ ምትካል ዲሽ ምዃኑ ኣይካሓድን። ኣብ ኣስመራ፡ ናሕሶም ብዲሽ ዘጽለለ ኣባይቲ ቁጽሪ የብሎምን። ብዙሕ ሰብ፡ ቋንቋኡ ዘይርድኦ ተኸታታሊ ፊልም ብጽሞና ይከታተል። ናይቲ ፊልም ዲያሎግ'ውን ብግምት'ዮም ዝርድእዎ። ኣብ ኣስመራ፡ ካብቲ ብዲሽ ዝመሓላለፍ ናይ ቱርኪ ፊልም፡ "ማህነድ" ናይ ዝብሃል ተዋሳኣይ ስም ዘይፈልጥ ሰብ ኣናዲኻ ክትረክብ ኣይከኣልን'ዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ጸወታ ኵዕሶ እግርን ሙዚቃን ልቢ መንእሰያት ተቆጻጺሮም ከም ዘለው ክትዕዘቦ ይከኣል'ዩ። ግጥም ኵዕሶ እግሪ ምዕዛብን ሙዚቃ ምስማዕን ጽቡቕ'ዩ። ኣርሰናልን ማንቸስተርን እናበልካ ካብ ምጥቓዕ ግና። ድባርዋን ከረንን ዝብሃላ ጋንታታት መስሪትካ ንሳተን ክገጥማ ከለዋ ብኣካል ምዕዛብን ምሓሽ። ፍቕሪ ስፖርትን ሙዚቃን፡ ኪኖ ናይ ንባብ ባህሊ ክኸዱ የብሎምን'የ ዝብል ዘለኹ። ሓደ ዘየንብብ

ሙዚቃ ዝፈቱ ሰብ፡ ዘየንብብ ተዓዛቢ ግጥም ኵዕሶ እግሪ ብሉጽ ክብሪ ዘለዎ ዜጋ ክኸውን ኣይክእልን'ዩ።

ኣብዘን ዝሓለፋ ዕስራ ዓመታት ጥራይ፡ ኣብ ኢትዮጵያ፡ ንጉዳይ ኤርትራ ዝምልከት ብኣምሓርኛ 15 ዕብይ ዝበላ መጽሓፍቲ ተሓቲመን። እዘን መጽሓፍቲ፡ መብዛሕቲአን ብላዕለዎት መኮንናትን ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ'የን ተጻሒፈን። እታ ብሻለቃ ማሞ ለማ ዝተጻሕፈት "የወገን ጦር ትዝታዬ" (ናይ ወገን ሰራዊት ተዘክሮዬ) ዘርእስታ መጽሓፍ፡ ብዝርዝር እተጻሕፈት ኮይና ሚዛናዊ ትሕዝቶ ኣለዋ። ተስፋዬ ሃብተማርያም፡ ካሳዬ ጨመዳን ሆሴን ዓሊን ዝበሃሉ ጀነራላት ዝጸሓፍወን መጽሓፍቲ ትሕዝቶአን ብቀጥታ ንጉዳይ ኤርትራ ዝምልከት'ዩ። ጀነራል ተስፋዬ ሃብተማርያም ሓቀኛ ታሪክ ጽሒፉ ይርከብ። ካሳዬ ጨመዳ ብዛዕባ ተሳትፎኡ ምግናን ዝፈቱ'ኳ እንተ ኾነ፡ ኣብታ መጽሓፍ ግና ብርክት ዝበሉ ሓቅታት ግና ኣስፊሩ ይርከብ። ብወገን ደርግ ዝነበረ ኩነታት ከከም ኣጠማምታኦም ይስንድዎ'ለዎ። ብወገን ኤርትራ፡ እቶም ሰብ ታሪኽ ትም ምባል መሪጾም ኣለው። መጻኢ ወለዶ ዘይተበከለ ክውን ታሪኽ ክፈልጥ ዝኽእል፡ ካብዝን ካብትን ንዝተጻሕፉ ጽሑፋት ኣንቢቡ ከመዛዝን ምስ ዝኽእል ጥራይ'ዩ።

ንወዲ ትኹል ትፈልጥዎዶ?

ኣይፈልጠን ዝብል ሰብ እንተ'ሎ፡ ቅድሚ 1980 ካብዛ ዓለም ብሞት ዝተፈልየ ክኸውን ኣለዎ። ወዲ ትኹል ምስ ዝለዓል፡ እታ "ይከኣሎ" እትብል ደርፌ ናይ ግድን'ያ ምሳኡ ክትዝከር። ኣብዛ ደርፊ፡ "ዓዲ ሽሩም - ታንኪ ምስ ለኮታ" እትብል መስመር ኣላ። ንኤርትራ ዘይፈልጥ ሰብ፡ "ዓዲ ሽሩም?" እንታይ'ዩ ኢሉ ክሓትት ይኽእል'ዩ። ጎቦ ድዩ? ሩባ ድዩ? ድልድል ድዩ? እንታይ'ዩ?

ዓዲ ሽሩም ብልክዕ ከመይ ይመስል?

ካብ ኮነኽ ኣብኡ እንታይ ተፈጸመ?

ወዲ ትኹል ብዝግባእ ከብርሆ ኣይከኣለን። እቲ ምንታይ፡ ደርፌ ብጠባዩ ኪነኡ ምሉእ ስእሊ ክህብ ኣይክእልን'ዩ። ናይ ደርፌ ግጥሚ (lyric)፡ ዝተማልአ ስእሊ ናይ ምቕራብ ዓቕሚ የብሉን። ብጽሑፍ እንተ ዘይተደጊፉ፡ "ዓዲ ሽሩም - ታንኪ ምስ ለኮታ" ዝብል ግጥሚ ናብ ኣፈ-ታሪኽ ናይ ምልዋጥ ተኽእሎኡ ርሒብ'ዩ።

"ንዘረባ ዘረባ የምጽኦ ንሓመድ ድኈሪ የውጽኦ" ከም ዝብሃል፡ ኣብ ዓዲ ሽሩም በጺሐ ነይረ።

ኣብቲ ቦታ፡ ኣብ ታሪኽ ካብ ዝጥቐሱ ዓበይቲ ውግኣት ተኻይዱ'ዩ። እንተኾነ፡ ከምቲ ዝድለ ኣይተጻሕፈን ጥራይ ዘይኮነ ብስሩ'ውን ኣይተተንከፈን። ከምቲ ኣቀዲመ ዝበልኩዎ፡ ብወገን ኤርትራ ዝነበረ ውዕሎ፡ እቶም ሰብ ታሪኽ ትም ምባል መሪጾም ኣለው። "ናይ ሓባር ደኣ'ምበር ናይ ውልቀ-ሰብ ታሪኽ የለን" ዝብል ኣራኣእያ ኣለዎም ይብሃል። ሓደ ሰብ፡ ብዛዕባ ዝወዓሎ ውዕሎ እንተ ጽሒፉ ከም ጃህራ'ዩ ዝሕሰብ። ዘይሩ-ዘይሩ ግና፡ ታሪኽ እኩብ ድምር ናይ ውልቀ-ሰባት ፍጻመ'ዩ። መብዛሕቲኡ እዋን፡ ብእኩብ ዝዝንቶ ታሪኽ፡ ከም ናይ ደርፌ ግጥሚ "ውዕሎ ናይቲ ጅግና" ኢሉ ጥራይ'ዩ ዝሓልፍ። ተክአ በየን፡ "ካብ ሪቅ ሕፍንቲ" ብዝብል ኣርእስቲ ዝጸሓፋ መጽሓፍ፡ ጽቡቕ ተበግሶ ይመስለኒ። ክንደይ ኮን ከም ናቱ ተበግሶ ይወስዱ ይኾኑ?

ናይ ንባብ ባህሊ ብኸመይ መገዲ ይኹስኮስ ሃሰው ምባል ኣገዳሲ'ዩ። ናይ ንባብ ልምዲ፡ ተፈጥሮኣዊ ውህብቶ ኣይኮነን። ክዕንብብን ክደክምን ዝኽእል ባህሊ'ዩ። ኣብ ሓምሳታት ኣብ እዋን ፌደረሽን ዝነበሩ ኤርትራውያን፡ ብምንባብን ምጽሓፍን ፍሉጣት ነይሮም። ፌደረሽን ምስ ፈረሰን ደርግ ኣብ ስልጣን ምስ መጸን፡ ትግርኛ ብኣምሓርኛ'ዩ ተተኪኡ። ከም ሳዕቤኑ ድማ፡ ሓደ ወለዶ ናይ ንባብ ባህሉ ብኸፊል

ክስእኖ ተገዲዱ። ናይ ምጽሓፍ ጥበባት ተደብዮም። ኣብዘን ዝሓለፋ ዕስራ ዓመታት ዝተገብረ ፈተነ ንምንእኣስ ኣይኮነን። ሚዛን ዝወሃቦም ከም ዘይኮኑ ክንኣምን ግና ይግባእ። ምስቲ ክዕየ ዝነበሮ ምስ እነናጻጽሮ፡ ፌጺሙ ኣይተተንከፈን ንዝብል ዘረባ ምቕባሉ ግድን ይኸውን።

"ኣሕተምቲ ሕድሪ"፡ ህዝቢ ናይ ንባብ ባህሊ ንኽማዕብል ዓመታዊ ምርኢት መጽሓፍቲ እናዳለወ ብ20% ጎደሎ መጽሓፍቲ ከም ዝሸየጡ ይገብር'ዩ። ብተወሳኺ፡ ፈጠራዊ ዛንታን ናይ ትርጉም ስራሕን ተቀቢሉ ብምርታዕ መጻሓፍቲ የሕትም ኣሎ። "ባህላዊ ጉዳያት" እውን፡ ዓመታዊ ሓንቲ እኩባት ሓጸርቲ ዛንታታት ዝሓዘት መጽሓፍ የሕትም'ዩ። ኣብ ጋዜጣ "ሓዳስ ኤርትራ"፡ ንመንእሰያት ዝምስጥ ተኸታታሊ ልቢ-ወለድ ዛንታ ሰሙናዊ ይወጽእ'ዩ። ኣብ ኤረ-ቲቪ ይኹን ድምጺ ሓፋሽ፡ ናይ ንባብ ባህሊ ንምዅስኳስ ዝዓለመ ናይ ምልላይ ስራሕ ከም መደብ'ኳ እንተ ዘይተሰርሓሉ፡ ሕልፍ-ሕልፍ ኢልካ ግና ትረኻታት ይቐርቡ'ዮም። ብሓልዮት ሃማመተኤ ክልተ ወርሓዊ እትሕተም መጽሔት "መንእሰይ"፡ ደረስቲ ሳሕቲ ምስ ህዝቢ ከም ዝላለዩ ትገብር'ያ። እዚ እኹል ኣይኮነን።

ኪኖ'ዚ ካልኦት ሃነጽቲ ሓሳባት ምቕራብ ይከኣል'ዩ። ወረቐት ብዘይ ቀረጽ ከም ዝኣቱ፡ ከም እወታዊ ኣድልዎ ተራእዩ ድማ ደረስቲ ግብሪ ካብ ምኽፋል እንተ ዝሕደጉ መሰረታዊ ፍታሕ'ኳ ከምጽእ እንተ ዘይከኣለ፡ ሓጋዚ ክኸውን ግና ይኽእል'ዩ። ማሕበር ደረስቲ ንምምስራት ባይታ እንተ ዝጣጣሕ፡ እቲ ማሕበር ዓቢ ኣበርክቶ ክገብር ምኸኣለ። እቲ ዝምስረት ማሕበር፡ ነቶም መጽሓፍ ንምጽሓፍ ፕሮጀክት ዘቕርቡ፡ እቲ ዝቐረበ ፕሮጀክት ተጀሚሩ ክሳዕ ዝዛዘም ንዝተወሰነ እዋን ወርሓዊ ክፍሊት እናሃበ ከም ዝነጥፉ ክገብር ይኽእል'ዩ። ካልእ፡ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ናይ መጽሓፍቲ ገምጋም (Book Review) ብስሩዕ ምትእትታው፡ ናይ ንባብ ባህሊ ኣብ ምዅስኳስ ዝህልዎ ኣበርክቶ እምብዛ ዓቢ'ዩ። ትካላት መንግስቲ'ውን፡ ኣብ ትሕቲኦን ንዝርከቡ ሰራሕተኛታት ኣብ ሰለስተ ወርሒ ሓንቲ መጽሓፍ ምስ ደሞዝ ከም ዝወሃቡ ክገብራ ይኽእላ'የን። ኣብ ተለቪዝንን ረድዮን፡ መጽሓፍቲ ናይ ምልላይ መደብ ከም መደብ እንተ ዝስራዕ ዓቢ ወጽኢት ምሃለዎ። ኣነ ዝጸሓፍኩወን ክልተ "መዘክራት" መጽሓፍቲ፡ ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰሙን ተሸይጠን ክውዳኣ ዝኸኣላ ኣብ ቲቪን ረድዮን ክትረኻ ምስ ጀመራ ምዃኑ ካብቲ ኣካፋፋሊ ሓበሬታ ረኺበ ኣለኹ። ከምኡ ስለ ዝኾነ፡ ተለቪዥንን ረድዮን ንባብ ኣብ ምዅስኳስ ዝህልዎ ኣበርክቶ ዓቢ ከም ዝኾነ ምግማቱ ኣየጸግምን።

ኤርትራውያን ሰብ ጸጋኸ እንታይ ኣበርክቶ ክህልዎም ይኽእል? እዚ'ውን ክድህሰስ ኣለዎ። ምዝርጋሕ መጽሓፍቲ፡ ብዙሕ መኽሰብ እትረኽበሉ ንግዳዊ ንጥፈት ስለ ዘይኮነ፡ ነጋዶ ዝመርጽዎ ዓይነት ቢዝነስ ኣይኮነን። ስቴሺነሪታት፡ ኣብ ምዝርጋሕ መጽሓፍቲ ዝህልወን ተራን ክገብራኦ ዘለወን ለውጢ ብኸመይ ይግምገም? ርእሱ ዝኸኣለ መጽናዕቲ ዘድልዮ'ዩ። ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ዝተፈላለዩ ኣገባባት ብምትእትታው፡ ናይ ንባብ ባህሊ ምዅስኳስን ቁጽሪ ሸያጥ መጽሓፍቲ ምዕባይን ዝከኣል ኮይኑ ይስመዓኒ።

"ምስግዳድ፡ ሓደ ካብቲ መፍትሒ ሓሳባት'ዩ" ኢሎም ዝኣምኑ ኣለው። ነቲ ሓደ እዋን ኣብ ሩስያ ዝተኻየደ፡ "ድንሽን ሩስያን" ተባሂሉ ዝፍለጥ እወንታዊ ተጽዕኖ ድማ ከም ኣብነት የቕርብዎ። ኣብ 18 ክፍለ ዘመን፡ ሩስያውያን ድንሽ ክተኽሉ ብንጉስ ምስ ተኣዘዙ፡ ተቓውሞ ኣስሚዖም ነበሩ። ኣብቲ እዋን ዝነበረ ንጉስ፡ ድንሽ ዘይዘርአ መሬቱ ከም ዝሕደግ ኣዋጀ። ብዙሓት ሓረስቶት፡ መሬቶም ክይሕደግ ፈሪሖም ድንሽ ተኸሉ። ምስ ፈረየ፡ እንተ ጣዓምዎ ዘይጽገብ ኮኖም። ድሕሪ ዓመት፡ እዋን ዘራእቲ

*ኣተወ፡ ብፍታዎም ድማ ድንሽ ተኸሉ። ኣብ እዋን ከቢድ ኵናት፡ ከተማታትን ዓድታትን ክዓንዋ ከለዋ፡ ድንሽ ኣብ ትሕቲ ባይታ ተሓቢኡ ህይወት ሩስያውያን ከድሕን ከኣለ። “ሎሚ ድንሽን ሩስያን ፈላሊኻ ክትርእዮም ኣይከኣልን’ዩ፡” ይብሉ። ብርግጽ ዝኾነ ሰብ ተገዲዱ’ውን ይኹን መጽሓፍ እንተ ገዚኡ ከንብቦ ይኽእል’ዩ። ንሱ እንተ ዘይንበቦ ወዱ የንብቦ። ወዱ እንተ ዘየንበቦ፡ ዘመዱ ወይ ድማ ጎረቤቱ የንብቦ። ዝኾነ ኾይኑ፡ “ምስግዳድ” ናይ 18 ክፍለ ዘመን ኣሰራርሓ ስለ ዝኾነ፡ ኣብዚ ዘመን’ዚ ተቐባልነት የብሉን። ኣብዚ መበል 21 ክፍለ ዘመን፡ ሰብ ብፍታው ብኽመይ መገዲ ገንዘብ ኣውጺኡ ከም ዝሽምት ዝድርኽ ብርክት ዝበሉ ሜላታት ተኣታትዮም ይርከቡ።*

*ናይ ፓውሎ ኴሎ መጽሓፍ “ኣልኬሚስት”፡ ብብዝሒ ክትሸየጥ ዝኸኣለት ቢል ክሊንተን ኣብ ኢዱ ሒዝዋ ስለ ዝተራእየ’ዩ። ህቡባት ሰባት፡ ኣብ ሚዲያ ቀሪቦም ብዛዕባ መጽሓፍ ሓሳቦም ከካፍሉ ክኽእሉ ኣለዎም። ክለብ መጽሓፍቲ መንእሰያት ምምስራት ዓቢ ውጽኢት ከምጽእ ይኽእል’ዩ። ኣብ ዓውደ ኣዋርሕ፡ “መዓልቲ ንባብ” ኢልካ ዕለት ምፍላይ ይከኣል’ዩ። ኣብታ ዕለት ድማ ኣንበብቲ ኣወዳዲርካ ምሽላም የነቓቕሕ’ዩ። ከም ዓዲ እንግሊዝ ዝኣመሰላ ሃገራት፡ መንእሰያተን ብወልፊ ኢንተርነት ስለ ዝተጠቕዑ፡ ከም ውጽኢቱ ድማ ካብ ናይ ንባብ ባህሊ እናረሓቑ ይኸዱ ስለ ዘለው፡ ናብቲ መተካእታ ዘይብሉ ግሩም ልምዲ ንምምላሶም ዝተፈላለየ ሜላታት ኣብ ምፍታን ይርከቡ። ናይ ካልኦት ሃገራት ተመክሮ ብምጽናዕ’ውን ዘድልየካ ምውሳድ ይከኣል’ዩ።*

*እዚ ጽሑፍ፡ ነቶም ኣብ ዲያስጶራ ዝርከቡ ኤርትራውያን ዝተዳለወ ስለ ዝኾነ፡ ናይዞም ዜጋታት ተሳትፎ ግብራዊ መታን ክኸውን ሓደ ሓሳብ ከቕርብ ክፍትን። ንኣብነት፡ ኣብ ሆላንድ ዝርከቡ ኤርትራውያን ካብ ከተማታት ኤርትራ ንሓንቲ ብሓላፍነት ክሕዝዋ ይኽእሉ። ኣብ ከተማ ከረን፡ ሓደ ህዝባዊ ቤት-ንባብ ከፊቶም ኣብ ሓደ ደረጃ ከብጽሕዎ ይኽእሉ’ዮም። ኣብ ዋሽንግተን ዲሲ ዝርከቡ ኤርትራውያን፡ ቁጽሮም ሒደት ስለ ዘይኮነ ንኣስመራ ክሕዝዋ ይኽእሉ’ዮም። ኣብ ጀርመን ዝርከቡ ንመንደፈራ፣ ኣብ ስዊድን ዝርከቡ ንምጽዋዕ፣ ከምዚ እናገበርካ ነተን ኣብ ኤርትራ ዝርከባ ከተማታት በብሓደ ብምሓዝ፡ ሓደስትን ናይ ቀደም መጽሓፍትን ኣኻኺብካ ህዝባዊ ቤት-ንባብ ምኽፋት ኣመና ቀሊል ስራሕ’ዩ። ኣብ ምብጋስ፡ ዝኾነ ላይብረሪ ብሚእቲ መጽሓፍቲ ክጅምር ይኽእል’ዩ። ሰብ ዘንበቦም መጽሓፍቲ፡ ንላይብረሪታት ከም ህያብ ክህቡ ዕድመ ብምግባር ከብሕታት ብመጽሓፍቲ ከም ዝሃጥሩ ክትገብር ይከኣል’ዩ። ጡረተኛታት፡ ብዘይ ክፍሊት ወለንታዊ ኣገልግሎት ኣብ ኣብያተ መጽሓፍቲ ከም ዝገብሩ ምዕዳም’ውን ከቢድ ኣይኮነን። ብኽምዚኦም ዓይነት ቅልል ዝበሉ ተበግሶታት፡ ህዝቢ ናይ ንባብ ባህሉ ብዓሰርተ ዕጽፊ ከም ዝዓቢ ክትገብሮ ይከኣል’ዩ።*

*እዚ ሓጺር ጽሑፍ፡ ምሉእ ፍታሕ ንምቕራብ ዝዓለመ ኣይኮነን።*

*መሰረታዊ ፍታሕ ዝርከብ፡ ዝምልከቶም ኣካላት ተወሃሂዶም ምስ ዝዝትዩ ዝዓዩን ጥራይ’ዩ። ስለዚ ሓደ ናይ ዘተ መኣዲ እንተ ዝግበር፡ እቲ ሽግር ተለልዩ ፍታሕ ክርከቦ ምተኻእለ። ኣብቲ ዝካየድ ዘተ፡ ምስቲ ዓውዲ ምትእስሳር ኣለዎም ዝብሃሉ ሞያውያን ካብ ዓለም ዓዲምካ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ከም ዘቕርቡ ምግባር ሃናጺ’ዩ። ብሉጻት ሓሳባት’ውን ክምንጭው ይኽእሉ’ዮም። መዛተዪ ነጥብታት፡ ንሽም ታሪኽን ስነ-ቅርስን፡ መጽሓፍትን ናይ ንባብ ባህልን፡ ስነ-ጽሑፍን ግጥምን፡ ሕትመትን ምዝርጋሕ መጽሕፍትን ወዘተ ዝድህስስ ክኸውን ይግባእ። በዚ ድማ ካብቲ ዝካየድ ዓውደ ዘተ፡ ሓደ መሰረታዊ ፍታሕ ክርከብ ከም ዝከኣል ኣይጠራጠርን’የ።*

***ንምዝዛም…***

***ዘየንብብ ህዝቢ መሰሉ ኣይፈልጥን'ዩ። ሓርነቱ'ውን ጎደሎ'ዩ። ሕሉፍ ታሪኹ ብዝግባእ ዘይፈልጥ ወለዶ፡ ሃገር ክርከብ ዓቕሚ የብሉን። ዝኾነ ዜጋ መሰሉ ክሓትት ዝኽእል፡ ክፈልጥ ምስ ዝኽእል ጥራይ'ዩ። ፍልጠት ብምንባብ'ዩ ዝርከብ። ሰብ፡ ሕሉፍ ታሪኹ ክምርምሮን ክገናዝቦን ዝኽእል፡ ጽቡቕ ይኹን ሕማቕ ምስ ዘንብብ'ዩ። ብተወሳኺ፡ ነፍሲ-ወከፍ ኣንባቢ ብዕምቆት ኣንቢቡ ንሓቂ ሃሰው ክብላን መምዩ ፍርዲ ክህብ ክኽእልን ዓቕሙን ፍልጠቱን ከዕሙቕ ይግባእ።***